ፌደራላዊት ሪፓብሊክ
ጀርመን

Bundesamt für Migration und Flüchtlinge

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ብዛዕባ ውቕባ ምሕታት ክትፈልጥዎ ዝግበኣኩም

## ሓበሬታ ብዘይ ወለዲ ንዝመጹ ህጻናት




ሰላም ንሕና ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጻእና ህጻናት ኢና። ኣብ ጀርመን ቅድሚ ምብጻሕና ሓለዋ ንምርካብ ነዊሕ ተጓዒዝና። ንበይንና ኢና ናብዚ መጺእና፣ ብዘይ ወለድና።
ሰላም። ሊዛ ይበሃል። ብዛዕባ ምሕታት ዑቕባ (ኣህጉራዊ ሓለዋ’ውን ይበሃል) ክትፈልጥዎ ዘለኩም ክገልጻልኩም’የ።

# ኣህጉራዊ ሓለዋ እንታይ እዩ?







ሓደ ሰብ ኣብ ዓዱ ሓደጋ ስለዘጋጠሞ ክምለስ እንተዘይክኢሉ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክረክብን ኣብታ ነዚ ሓለዋ ዝሃበቶ ሃገር ብሰላም ክጸንሕን ይኽእል እዩ።

ኣላዪኻ መን ኣህጉራዊ ሓለዋ ክረክብ ከም ዝኽእልን እቲ ኣገባብ እንታይ ምዃኑን ብዝያዳ ክገልጸልካ እዩ።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዑቕባ፡ ስደተኛነት ወይ ንኡስ ሓለዋ እውን ክበሃል ይኽኣል። ምናልባት ኣቐዲምኩም ዑቕባ ዝብል ቃል ሰሚዕኩም ትኾኑ። ብዛዕባ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክዛረብ ከለኹ መታን ንምዝካር ክቐለኩም ዑቕባ ዝብል ቃል ክጥቀም እየ።

## ሕጂ፣ ውሑስ ምዃንካ ኣይትረስዕ።


ኣብ ኤውሮጳ ኩሉ ሰብ ካበይ ከም ዝመጸ፡ ሃይማኖቱ ወይ ሕብሪ ቆርበቱ ብዘየገድስ ማዕረ ኣተሓሕዛ ይግበረሉ።





ኣብ ኤውሮጳ ኩሉ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ከም ቆልዓ እዩ ዝቑጸር።

ከም ቆልዓ ድማ ፍሉይ መሰል ኣለካ። ድሕነትካን ዉሑስነት ሂወትካን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



ከምቲ ኣብዚ ዝርአ ከም ሰራሕተኛታት በዓል መዚ ዛመሰሉ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን ዑቕባ ክትራኽብ ኢኻ። ብዛዕባኻን ናብ ኤውሮጳ ዝገበርካዮ ጉዕዞን ዝምልከቱ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።

እቶም ሓለፍቲ ንዓኻ ንምክልኻልን ዝሓሸ ንዓኻ ዝጥዕም ውሳነ ንምሕላፍን ኣብዚ ከምዘለዉ ኣይትረስዕ።

ኩሉ ግዜ እንታይ ከም እትሓስብ፡ እንታይ ከም ዘድልየካን እንታይ ከም ዝስምዓካን ምስቶም ሓለፍቲ ከተካፍል ትኽእል ኢኻ።



# ኣላዪ መን እዩ?





ብዘይ ወለድኻ ናብዚ ስለ ዝመጻእካ፡ እቶም ሰበስልጣን ኣላዪ ሓደ ዓቢ ዝበሃል ሰብ ክምድቡልካ እዮም፣ ንሱ ድማ ክድግፈካ እዩ።

ኣላዪ ማለት ብዘይ ወለዶም ወይ ብዘይ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ዓቢ ሰብ ናብ ኤውሮጳ ንዝኣትዉ ህጻናት ዝሕግዝ ሰብ እዩ።

ኣላዪ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣለይቲ ወከልቲ ወይ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት እውን ኣላዪት ክበሃሉ ይኽእሉ እዮም።

ገና ምስ ኣላዪኻ እንተዘይተራኺብካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ክትረኽቦም ኢኻ።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሰበስልጣን ምስ ቀዋሚ ኣላዪኻ ክሳብ እትራኸብ መጀመርታ ንክድግፈካ ግዝያዊ ኣላዪ ክምድቡ ይኽእሉ።






ሓደ ኣላዪ ብዛዕባ ጻንሖትካ ክትፈልጦ ዘለካ ኩሉ ክገልጸልካን ኣገዳሲ ውሳነታት ንክትገብር ክሕግዘካን ኣሎ። ንኣብነት ሓደ ኣላዪ ኣብ ሕቶ ዑቕባኻ ክሕግዘካ፡ ኣገባባት ክገልጸልካ፡ መሰላትካን ግዴታታትካን ክገልጸልካን ምስ ሰበስልጣን ኣብ ዝግበር ኣኼባታት ምሳኻ ይሳተፍን።

ነቲ ኣላዪ ኩሉ ግዜ ርእይቶኻ ክትነግሮ፡ ሕቶታት ክትሓቶን ዝኾነ ነገር እንተድኣ ኣድልዩካ ክትነግሮን ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ክድግፉኻ እዮም ኣብዚ ዘለዉ።



ምስ ኣላዪኻ ጸገም እንተሃልዩካ፣ ነቶም ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት ወይ ሓለፍቲ ዑቕባ ንገሮም። ንመመልከቲ ዑቕባኻ ብኣሉታ ኣይጸልዎን እዮ።



# ኣብ እዋን እቲ መስርሕ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክወሃብ እዩ?





ናይ መደቀሲ ቦታ



ክዳውንቲ



ካልእ ከድልየካ ዝኽእል ነገራት



መግቢ



ናብ ሓኪም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ



ናይ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲታት



ኣብ ጽቡቕ ቦታ ክትነብርን ከከም ዕድመኻ ዘድልየካ ሓገዝ ክትረክብን ኢኻ።

## ዑቕባ ሓቲተ፣ ሕጂ እንታይ እዩ ክኸውን?






**ብቐዳምነት መመልከቲኹም ተመዝጊቡ ክቐርብ ኣለዎ።**

ንምዝጋብን ሕቶኹም ንምእታውን፣  ኣላዪኹም ፎርም ናብቲ ናይ ዑቕባ ሓለፍቲ ይልእኽ። ድሕሪኡ ቆጸራ ክወሃበኩም እዩ፣ ኣብቲ ቆጸራ ድማ ምስ ኣላዪኹም ብሓባር ኳንኩም ኣብታ ሓንቲ መዓልቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተዳልዉ፣ ተመዝግቡን ተእትዉን። ሕቶኹም ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ይመዝገብ።

ኣላዪኹም፣ ግዝያዊ ኣላዪኹም ወይ ከኣ ኣብቲ እትቕመጡሉ ቦታ ዘለዉ ዓበይቲ ሰባት ብዛዕባ እታ መዓልቲ ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም፣ ኣላዪኹም ድማ ናብቶም ሰበ-ስልጣን ከሰንየኩም እዩ።



**ኣብ እዋን ናይ መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እዚ ዝስዕብ ክኸውን እዩ...**





ኩሎም ምሳኻ ዘለዉ ናይ መንነት ሰነዳት (ፓስፖርት፡ መንነት ወረቐት ወዘተ) ነቶም ሓለፍቲ ክተርእዮም ኢኻ።

ንስኻን ውልቃዊ ንብረትካን ክትፍተሽ ትኽእል ኢኻ። ሰበስልጣን ንብረትካ ንቑሩብ ግዜ ክሕዝዎ ይኽእሉ እዮም፡ እንተኾነ ግን ብዘይካ እቲ ሓደገኛ ዝኾነ ንብረት ኩሉ ክመልሱልካ እዮም።





ስእልኻእ ክውሰድ እዩ።

ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክውሰድ እዩ።







ናብ ሓኪም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ

- ሓደ በዓል ስልጣን ብዛዕባኻን ብዛዕባ ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ስድራቤትካን ሕቶታት ክሓተካ እዩ።
- ተወሳኺ ሓበሬታ ይእከብ እዩ፡- ብዛዕባ ሃይማኖታዊ መበቆል ወይ ዓሌታዊ ድሕረ-ባይታ፣ እቲ መመልከቲ ዝዛረቦም ወይ ዝርድኦም ቋንቋታትን፣ ከምኡ እውን

ሓደ በዓል ስልጣን ዝርዝር ርክብኩም (ኣድራሻኹምን ቁጽሪ ተሌፎንኩምን) ንክትህቡ ክሓተኩም እዩ።



ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክትሕተት ኢኻ፡-

- ብዛዕባኻን ስድራኻን
- ብዛዕባ ሃገርካን ቅድሚ ሕጂ ዝነበርካሉ ቦታታትን
- ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ከም ዝወጻእካን ንምንታይ ክትምለስ ከም ዘይትደሊን
- ናብ ጀርመን ብኸመይ ከምእተጓዓዝካ





## ዘክሩ!

ምስ ኣላይኻ ክትዘራረብን ምስ ሰብ መዚ ዑቕባ ብሓባር ክትሰርሕን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።




ንኣላይኻ ወይ ነቶም ሓለፍቲ እትዛረቦ ኩሉ **ምስጢራዊ ኮይኑ ይዕቀብ**። እዚ ማለት እቲ እትህቦም ሓበሬታ ምስ መንግስቲ ዓድኻ ይኹን ምስ እትፈርሖም ሰባት ፈጺሙ ኣይክካፈልን እዩ።

**ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ኣብ ጀርመን ክጸንሕ ድየ?**





ድሕሪ ምዝገባ፡ ኣየነይቲ ሃገር ንመመልከቲኻ ከም እትምርምሮ እቶም ሰብመዚ ክውስኑ እዮም። ወይ ጀርመን ወይ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክትከውን እያ። ሃገር ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንረብሓኻ ግን ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ። እቶም ሰበስልጣን ነዚ ክገልጹልኩም እዮም።





ኣብ እዋን ምዝገባ ንሰበስልጣን እዝ ዝስዕብ ክትነግሮም ኣገዳሲ እዩ፦

- ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ስድራቤት እንተሃልዩካ
- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ እንተኾንካ።

ኣብ ኤውሮጳ ስድራቤት እንተሃልዩካ፡ ብዛዕባ ስድራቤትካ እትፈልጦ ኩሉ ነቶም ሓለፍቲ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። ኣብዛ ሃገር ወይ ኣብታ ዝነብሩላ ሃገር ምስኦም ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።

ስድራኻ ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ፣ ወይ ምስኦም ዝነበረካ ርክብ እንተ ተቛሪጹ፣ ስድራቤትካ ንምርካብ ንኣላዪ ወይ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።



## ድሕሪ ናይ መመልከቲ ምዝገባን ምቕራብን እንታይ ክኸውን እዩ?





ሓንሳብ መመልከቲኻ ምስ ኣእተኻ ዑቕባ ከም ዝሓተትካ ዝገልጽ ሰነድ ይወሃበካ። እዚ ሰነድ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብጽቡቕ ሓዞ። ካብቲ እትዓርፈሉ ቦታ ክትወጽእ ከለኻ ወይ ምስ ሰበስልጣን ኣኼባ ኣብ እትገብረሉ እዋን ምሳኻ ሒዝካ ኪድ።



# እቶም ሓለፍቲ ከመይ ጌሮም እዮም ዕድመይ ክፈልጡ?





ዕድሜኻ ዘረጋግጽ ሰነዳት እንተዘይብልካን ሰበስልጣን ብዛዕባ ዕድመኻ ጥርጣረ እንተሃልይዎምን ሰራሕተኛታት ናይ ዑቕባ በዓል መዚ ብናይ ዕድመ ገምጋም ክትሓልፍ ክሓቱኻ ይኽእሉ። እዚ ዕድሜኻ ንምግማት ዝሕግዝ መስርሕ እዩ።

ዕድመኻ ንምግማት ዝተፈላለየ መገድታት ኣሎ።

ንኣብነት ኣብ ዘቕረብካዮም ሰነዳት ወይ ምስ ሓለፍቲ ወይ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ኣብ ዝገበርካዮ ቃለ መሕትት ዝተመርኮሰ ክኸውን ይኽእል። ተወሳኺ ጥርጣረታት እንተሃልዩ፡ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ንስኻን ኣላዪኻን ፍቓድ ክትህቡ ክትሕተቱ ኢኹም።

እቲ ናይ ዕድመ ገምጋም ልዕሊ 18 ዓመት ከም ዘለኻ እንተደምዲሙ፡ ከም ዓቢ ሰብ ኢኻ ትቑጸር። ኣብ ከምዚ ኩነታት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።





ሰበስልጣን ሓደ ሰብ ጎዲኡካ ይኸውን ዝብል ጦብላሕታ እንተሃልይዎም፡ ናብ ሓኪም ንክትከይድ ሓሳብ የቕርቡልካ።

መመልከቲኻ ኣብ እትምርምረሉ እዋን ውጽኢት ናይቲ ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ።




**መመልከቲኻ ምስ ቀረበ፡ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክትገብር ትኽእል ኢኻ።**

እዚ ማለት ሓደ መኮነን ብዛዕባኻ፡ ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ወጺእካ ንምንታይ ክትምለስ ዘይትደሊ ዝምልከት ተወሳኺ ሕቶታት ክሓተካ እዩ። ሰበስልጣን ኣብ ቃለ መሕትት ክትሳተፍ እንተሓቲቶምካ፡ ኣብኡ ክትሳተፍን ክትዝክሮ እትኽእል ኩሉ ክትነግሮምን ኣለካ። እቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት ብድምጺ ክቕረጽ እዩ።

ኣላዪኻ እቲ ቃለ መሕትት መዓስን ኣበይን ከም ዝካየድ ክነግረካን ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ክድግፈካን እዩ።



## እቶም ሓለፍቲ ዝዛረቡዎ ቋንቋ እንተዘይተረዲኡኒ’ኸ?





ቋንቋ ናይቶም ናይ ዑቕባ ሓለፍቲ ሰራሕተኛታት እንተዘይተረዲእኩም፣ ቋንቋኹም ዝዛረብ ሰብ ክሕግዘኩም እዩ።

ተርጓሚ ኣብ መስርሕ ጉዳይካ ካብ ዝተባህለ ምትርጓም ሓሊፉ ካልእ ተራ የብሉን። ነቲ ሓላፊ ጉዳይን ተርጓሚን እትብሎም ምስጢራዊ ኮይኑ ክዕቀብ እዩ።

ከከምቲ ዝያዳ ምቹእነት ዝስምዓካ ነገር፡ እቲ ሓታቲ ወይ ተርጓሚኻ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ወዲ ተባዕታይ ንክኾነልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እንተሃልዩም ድማ ምርጫኻ ክቐርቡልካ እዩም። ጓል ኣንስተይቲ ወይ ወዲ ተባዕታይ እንተደሊኻ ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ቅድሚ እቲ ቃለ መሕትትን ንኣላዪኻ ንገሮ ኢኻ።



# እዚ ኩሉ ክንደይ ግዜ ይወስድ?






ድሕሪ ቃለ መሕትት ኩሉ ዝሃብጽካዮ ሓበሬታ ክምርመር እዩ።

ውሳነኻ ንክትቅበል ካብታ መመልከቲኻ ዘቕረብካላ መዓልቲ ጀሚርካ ክሳብ **6 ኣዋርሕ** ምጽባይ ከድልየካ ይኽእል። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ዝነውሐ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ፡ ካብ **21 ኣዋርሕ** ንላዕሊ ግን ክወስድ የብሉን። ምጽባይ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ ግን ዓቕሊ ግበር። ሰበስልጣን ንዓኻ ቅኑዕ ዝኾነ ውሳነ ክወስዱልካ ይደልዩ።

ነቲ ከይዲ ምጽባይ ንምጽዋር ሓገዝ እንተድኣ ኣድልዩካ ኩሉ ግዜ ንኣላዩኻ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።




## ሓደ ዓርኩ፣ እቶም ሰበስልጣን ንሕቶ ዑቕባኡ ከምዘይምርምሩ ገሊጹ። ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ?



እቶም ሰበስልጣን መጀመርያ ናይ ዑቕባ መመልከቲ ምርኣይ የድልዮም ድዩ ኣይድልዮምን ይምርምሩ።

እቶም ሰበስልጣን ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሃገር ሓለዋ እንተተዋሂቡካ ወይ ካብ ውሑስ ኢሎም ዝቖጽርዋ ሃገር እንተመጺእካ ንመመልከቲኻ ምሉእ ብምሉእ ዘይከምርምሩ ይኽእሉ።



# እንታይ ዓይነት ውሳነ እየ ክቕበል?





ዑቕባ ዘድልየካ እንተኾይኑ ወይ ካልእ ንዓኻ ዝኸውን ኣማራጺታት እንተሃልዩ እቶም ሰብመዚ ዑቕባ ክውስኑ እዮም።

እቲ ውሳነ ክግለጸልኩም እዩ።



ኣሉታዊ ውሳነ እንተመጺኡካን ንስኻ ወይ ኣላዪኻ እንተዘይተሰማሚዕካሉን ነቲ ውሳነ ናብ ቤት ፍርዲ ወሲድካ ክትቃወሞ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ይግባይ ይበሃል።






# ብዛዕባ ኣገባብ ውቕባ ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?





ካብ ኣላዩኻ ብተወሳኺ ኣገባብ ውቕባ፡ መሰላትካን ግዴታኻን ክረድኡኻ ዝኽእሉ ኣማኸርቲ ሕጊ’ውን ኣለዉ።

ንኣላዩኻ ብኸመይ ከም እትረኽቦም ሕተቶ።



ጠበቓ ክሕግዘካ እንተደሊኻ ምስ ኣላዩኻ ወይ ካልእ በዓል ስልጣን ተዘራረብ።





**እቲ ጠበቓ ምስ ኣላዪኻ ብምኳን ኣብ ዝስዕብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፦**



ምስ ሰበስልጣን ንዝግበር ቃለ መሕትት ምድላዋት ምግባር።



ምስ ሓለፍቲ ዑቕባ ምዝርራብ



ናይ ሕቶ ዑቕባኻን ይግባይካን ውሳነ ንምርዳእ፡ ንስኻ ወይ ኣላዪኻ ምስቲ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ።



ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ምስ UNHCR እውን ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

UNHCR ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይድግፍን ሓለዋ ይህብን እዩ።

ኣብ UNHCR ዝሰርሑ ሰባት ንሓተትቲ ዑቕባ ሓበሬታን ሓገዝን ይህቡ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ https://help.unhcr.org/ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



UNHCR
The UN Refugee Agency

# ጽቡቕ እንተ ዘይኮንኩ ወይ ብዙሕ ግዜ ይጭነቕ እንተኾይነ ብኸመይ ሓገዝ ክረክብ እኽእል?





ንኣላዪኻ፡ ንሓደ በዓል ስልጣን ወይ ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ንገሮም፣ እንተድኣ፦



ሓደ ሰብ ጎዲኡካ ኮይኑ


ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ ይስምዓካ ወይ ድቃስ ይኸብደካ ኮይኑ

ካልእ ከም ስንክልና ወይ ሕማም ዝኣመሰለ ጸገማት እንተልዩካ ወይ ነፍሰጾር እንተኾይንኪ

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለኹነታት፡ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ

# ዝኾነ ክገብሮ ዝግባእ ግዴታ ኣለኒ ድዩ?





እወ

**ሕግን ደንብን እዛ ሃገር ክትክተል ኣለካ።**

ብዛዕባ ሕግታት ወይ ደንብታት ጥርጣረ እንተሃልዩካ፡ ንኣላዪኻ ሕተቶ።




**ኣብቲ ኣላይኻ ጽናሕ ዝበለካ ቦታ ክትጸንሕ ኣለካ።**

ሰበስልጣን ንዓኻ ዝኸውን ቦታ ይመርጹልካ። ብዘይ ፍቓድ ሰበስልጣን ካብቲ ቦታ ኣይትህደም ወይ ካብ ናትኩም መዕረፊ ወይ ጀርመን ኣይትውጻእ።



**ምስቶም ሓለፍቲ ሓቢርኩም ክትሰርሑ ኣለኩም።**

ምስ ተሓተትካ ንሕቶታቶም ክትምልስን መምርሒታቶም ክትክተልን ኣለካ።



**ሰበስልጣን ሕቶታት ክሓቱኻ ከለዉ ብቕንዕና እትፈልጦ ኩሉ ንገሮም።**

እቲ እትዛረቦ ነገር ንመመልከቲኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ዘይክትዝክሮን ንኹሉ ሕቶታት ክትምልስ ዘይትኽእልን ትኸውን። ክትዝክር እንተዘይክኢልካ መልሲ ኣይትምሃዝ፣ ከምዘይትዝክሮ ጥራይ ግለጽ።

**ኣብ ኩሉ ምስ ሰበስልጣን ዘለካ ቆጸራታት ክትሳተፍ ኣለካ።**

እዞም ቆጸራታት እዚኣቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ኣብቲ ዝተዋህበካ መዓልትን ሰዓትን ክትቀርብ ኣለካ።







**ቅኑዕ ዝርዝር መራኸቢ ሓበሬታ ክትህቡ ኣለኩም።**

ኩሉ እቲ ሓበሬታን ቆጸራታትን ከም እትረኽቦ ንምርግጋጽ፡ ኣድራሻ ወይ ቁጽሪ ተሌፎን ንሰበስልጣን ክትህብ ኣለካ። እቲ ኣላዪ እውን ነዚ ሓበሬታ ክቕበልን መዓልቲ ቆጸራታትኩም ከዘኻኽረኩም ይኽእል እዩ። ዝርዝር ርክብካ እንተተቐይሩ፡ ንኣላዪኻን ንሰራሕተኛታት ሰብመዚ ዑቕባን ንገሮም። ንሳቶም ክረኽቡኻ ክኽእሉ ኣገዳሲ እዩ።

**ኩሉ ዘለካ ሰነዳት ንሰበስልጣን ክትህቦም ኣለካ።**

ኩሉ እቲ ንዓኻ ዝምልከት ሰነዳትን ካብ ሃገርካ ዝወጻእካሉ ምኽንያታትን ሃቦም። እዚ ድማ ናይ መንነት ሰነዳት (ፓስፖርት)፣ ናይ ልደት ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት፣ ናይ ሕክምና ሰነድ ወይ ካልእ ሰነዳት የጠቓልል።

ኩሉ ሓበሬታን ሰነዳትን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ከተቕርብ ኣለካ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን እቶም ሰነዳት እንተዘይብልኩም ድሒርኩም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ኣላይኻ ተዘራረብ። ኣላዪኻ ነቶም ሰነዳት ንምርካብ ክሕግዘካን ኣብ ግዚኡ ምስ ሰበስልጣን ንከተካፍሎም ክሕግዘካን ይኽእል ይኸውን።

**ግዴታኻ ከተማልእ እንተዘይክኢልካ፡ ንኣላዪኻን ንሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ዑቕባን ብቕልጡፍ ሓብሮም፣ ምኽንያትካ እውን ግለጽ።**





# ግዴታተይ እንተዘይኣማሊአ እንታይ ይኸውን?



ግዴታታትካ እንተዘይኣማሊእካ፡ ንመመልከቲኻ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።

ገለ ካብቲ ዝገለጽኩልኩም መሰላትን ኣገልግሎታት ደገፍን ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም።



**ግዴታታትካ እንተዘይኣማሊእካ ናይ ዑቕባ ኣገባብካ ደው ክብል ወይ ክነጽግ ይኽእል፣ ንኣብነት፡-**

- ካብ ሰበስልጣን ዝመጽእ ሕቶታት ኣይትምልስን ኢኻ፣ ወይ
- ኣሰር ኣጻብዕትኻ ክወስዱ ኣይትፈቕደሎምን ኢኻ፣ ወይ
- ካብቲ እትዓርፈሉ ቦታ ብዘይ ፍቓድ ወጺእካ

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ እቶም ሰበስልጣን ነቲ መመልከቲኻ ብዕቱብ ከምዘይሓዝካዮ ክሓስቡ እዮም። ድሕሪኡ ኣመልካቲ ምኽንኩም የብቕዕ፣ ኩሉ ደገፍ ድማ ክትስእኑ ኢኹም።









ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ወይ ዛንታኻ ንሰበስልጣን ሓቂ እንተዘይነጊርካ ወይ ኣገዳሲ ሓበሬታ እንተሓቢእካ ወይ ኮነ ኢልካ ሰነዳትካ እንተ ኣጥፊእካ፡ ሕቶኻ ክንጸግን ዑቕባ ከይወሃበካን ይኽእል'ዩ።

እቶም ሰበስልጣን ድሒሮም ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ሓቂ ከም ዘይነገርካ እንተፈሊጦም፡ ዝተውሃበካ ደረጃ ዑቕባ ካባኻ ክውሰድ ይኽእል'ዩ።


ክትፈልጥዎም ዘለኩም ኣገደስቲ ነገራት ገሊጸልኩም ኣለኹ። ኣላዪኻን ሰበስልጣንን ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ተወሳኺ መብርሂ ክህቡኻ እዮም።





**ዘክሩ!**

**ዑቕባ ምሕታት ብነጻ ዝካየድ እዩ**






# ጥንቁቓት ኩኑ

ብውዕለታ ወይ ብገንዘብ ሓገዝ ንህብ ኢና ካብ ዝብሉ ሰባት ተጠንቀቑ። ሕማቕ ዕላማ ክህልዎም ይኽእል እዩ።



ሓደ ሰብ ካብቲ ዝዓረፋሉ ቦታ ንክትሃድም ክትፍትን ከተባብዓካ ይኽእል እዩ። እዚ ንዓኻ ሓደገኛ ክኸውን ስለ ዝኽእል ግን ክትወጽእ ከም ዘይብልካ ኣይትረስዕ።






ሓደ ሰብ ዘይትደልዮ ነገር ወይ ጌጋ ዝመስል ነገር ክትገብር ከእምነካ እንተፈቲኑ ብኡንብኡ ንኣላዪኻ፡ ወይ ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ዓበይቲ ሰባት ንገሮም።



ናብ ዓደይ ተመሊሰ መመልከቲየይ ደው ከብል እንተደልየ'ኸ እንታይ ክገብር ኣለኒ?





ናብ ዓድኻ ተመሊስካ መመልከቲኻ ደው ከተብሎ እንተደሊኻ፣ ንኣላዪኻን ንሰበስልጣንን ንገሮም። ብሰላም ክትምለስ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።



**ብዛዕባ እዚ ሕጂ ዝገለጽክዎ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃልዩካ፣ ንኣላይኻ፡ ነቶም ኣብቲ እትሓድረሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰበስልጣን ወይ ሰራሕተኛታት ሕተቶም።**



Bundesamt für Migration und Flüchtlinge

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025